

# ዝኽሪ ግዳያት ላምፐዱሳ



ኣነስ ይኸብደን`ዩ ክዝክር፡
ክኸስስዶ ንተፈጥሮ፡
ዋላስ ንዲያብሎስ ከዋጥሮ፡
እዚ ክኸውን ዝገበሮ።

እወ እቲ ጨካን ደም ዘይብሉ፡
ሃገር ኣባዲሙ ኣይከሰርናን ኢሉ፡
ለካስ ንሕና ኢና ዓሺናሉ፡
እምበር ንሱስ መደቡ`ዩ ኮይኑሉ።

መንእሰያት ምስ መረሮም፡
ሃገር ገዲፎም ኣርሒቖም፡
ኣብ ጉዕዞ ስቓይ ኣሕሊፎም፡
ሕጂስ ኣቲና ክብሉ ጠሊቖም።

እቶም ነኣሽቱ ህጻናት፡
ሕማቕ ዘይፈልጡ ገርህታት፡
ኣበሳ ዘይብሎም ንጹሃት፡
ካብ ማህጸን ዝወጹ ናጽላታት።

ኣታ እንታይ በለት ወላዲት፡
ካብ ኢዳ ክጠልቁ ምስረኣየት፡
ንኣምላኻዶ ነገረት፡
ዋላስ ዓው ኢላ ኣእወየት?።

እንታይ በለ ወላዲ፡
ኮነ ምስተባህለ ኣብ ዓዲ፡
ክኢሉዎ`ዶ ብግዲ፡
ዋላስ ሰደደ፡ ሬሳ ዘናዲ።

ወያ ርህርህቲ ኣደ፡
ዓዲ ተኣኪባ ብሓደ፡
ወየ ክበሃል ምስ ኣርፈደ፡
ንብዓታ ከም ማይ`ዶ ወረደ።

ንሰምስ ሓሊፎም፡ ስቓይ ገዲፎሙልና፡
ዓመት መጸ፡ ዝነብር ምሳና፡
ገለ ንግበር፡ ዘቐስን ሕልና፡
ሓወልቲ ንስራሓሎም፡ ኮሚቴ ኣውጺእና።

ዘይርከብ ረኺብና ኤርትራዊያን፡
ብሓወይ ዝበልናዮ፡ ክንጠፍእ ክንብተን፡
ብሓደ ዘየንብር፡ ውሉድን ወላድን፡
መጺኡና ሃገር ዘጥፍእ፡ ቅርስታት ዘባድን።

ኣብ ምንቲ ምንታዩ`ዚ ኹሉ ኣደራዕ፡
ህዝብና ኣብ ፈቐዶ ክግፋዕ፡
ከም እንስሳ ዝሕሎ ብስላዕ፡
ኣይፋለይ ዝበለ ክጽፋዕ።

ወረ እንታይ`ዩ ዓዚሙና፡
እንዳረኣና ንኾኖ ዘለና፡
ብሰንኪ ሓደ ዘይናህና፡
ዘይከውን ዘይነብር ምሳና።

ሃየ ደኣ ዝኸውን ንግበር፡
ሓቢርና ንስራሕ ብሓባር፡
ንቐጽል ኣብ ሓደ ንስመር፡
ጊዜ ኣይንሃብ ፡ ከይትጸንት ሃገር።

***************

ዘለኣለማዊ ዝኽርን ክብርን ንስውኣትና!

ፍትሕን ሰላምን ንህዝቢ ኤርትራ።

———————————

ተሸመ ወልደሚካኤል

ሲያትል ሕ/መ/ኣ/

ጥቅምቲ 03, 2020